# ኣገዳሲ መግለጺ

**ብዕለት 12-9-2016 ወጺኡ ዝነበረ መግለሲ ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ (ስትራተጂ ዓዲ)**
ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ (ስትራተጂ ዓዲ) ንኣባላቱ ይኹን ንሰልፉ ድሕር ከይበለ ከምዝከላኸል ንደለይቲ ፍትሒ የፍልጥ። ብመንገዲ ፓልቶክ ኣብ ልዕሊ ብጻይና ሃይለ ተኪኤ ወሪዶም ዘለዉ ክስታት ከበድቲ ኢዮም። ከምኡ ስለ ዝኾነ፡ ምንጭታት ናይቶም ክስታትን፡ ነቶም ተሰንዚሮም ዘለዉ ክስታትን ከጽንዕ ሰልፍና ሓላፍነት ኣለዎ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ ብውሽጣዊ ኣገባብ ሰልፍናን መስመራት ሰልፍናን ሓቅነትን ዘይሓቅነትን ናይዞም ክስታት መጽናዕቲ ክንገብር ኢና ውጽኢት መጽናዕትና ድማ ንደልይቲ ፍትሒ ከነፍልጥ ኢና። ክሳብ ሽዑ ግን ብትዕግስቲ ተጸበዩና። ኢልና ነበርና

***ብመሰረት መግለጺ ሰልፍና ፎርማሊት ምእንቲ ከነማልእ ንኣድሚን ስመር ሩም 1 እዚ ዝስዕብ መልእኽቲ ከም ዝልኣኽና ከነፍልጥ ንፍቱ። እቲ ዝተላእከ መልእኽቲ ድማ እዚ ዝስ ዕብ ነበረ፡-***

2016-12-26
ካብ ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ – ስትራተጂ ዓዲ
ፈጻሚት ሽማግለ

ናብ ኣካየድቲ ፓልቶክ ስመር ሩም ዋን
ብጉዳይ ሶሻል ሜድያ
ተቓወምቲ ውድባት ንሶሻል ሜድያ ክጥቀሙ ዝድገፍ ኮይኑ እንተኾነ ኣብ ኣጠቓቕማ ብመሰረት ንነፍሲ ወከፍ ሶሻል ሜድያ ዝቕይድ ሕግታት ተቐይደን ኣገልግሎት ክህባ ትጽቢት ይግበረለን። ሓደ ካብ ኣብ ኣገልግሎት ዝርከብ ሶሻል ሜድያ ፓል ቶክ ኮይኑ ካብ ካልኦት ሶሻል ሜድያ ዝፈልዮ ንዝወጸ ጽሑፍ ብጽሑፍ መልሲ ክትህብ ዘይክኣል ምዃኑ እዩ። እዚ ኮይኑ ግን ፓልቶክ ከም ኩሎም ካልኦት ሶሻል ሜድያ ናብ ዝኾነ ኣካል ዝቐንዔ ጠቕነ ይኹን ክሲ ከእንግድ ሕጊ ከምዘይፈቅድ ንኹልና ብሩህ ምዃኑ ንኣምን። ስለዚ እዩ ድማ ዝኾነ ጸለመን ክስን እሞ ኸኣ ዝኾነ መርትዖታት ከየቕረበ ዝኾነ ስብ ንማንም ወልቀሰብ ይኹን ዝኾነ ትካል ክኸስስ እንከሎ ተራ ናይ ኣድሚን እንታይ ክኸውን ከም ዘለዎ ዘማእክል እንታይ ሕጋታት ኣሎ ዝብል ሕቶ ዘልዕል።
ንሃይለ ተኪኤ ብዝምልከት ካብቲ ኣብቲ ፓልቶክ ዝወጸ ተበጊሱ ኣዋጃት ስለ ዝወጸ እሞ እቲ ካብ ፖልቶኩም ዝተዘርግሔ ኣሉታዊ ሓበሬት ድማ ናይ ሞት ክሲ ስለ ዝሓዘለ ኣብ ግቡእ ቤት ፍርዲ ንክቐርብ እቲ ከሳሲ ስሙን ስም ኣቡን ገሊጹ ኣብ ሓደ ንሱ ዝመረጾ ቤት ፍርዲ ከቕርቦ ብሃገርዊ ምክብባር ንጥይቕ።

ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ – ስትራተጂ ዓዲ
ፈጻሚት ሽማግለ

ከምዚ ልዕል ኢሉ ዝተጠቕሰ ንስመር ሩም ዋን መልእኽትና ልኢኽና ነበርና። **ነቲ ኣብ ልዕሊ ብጻይና ሃይለ ተኪኤ ዝተወርወረ ክሲ ብመቕተልቲ ስለ ዝተኸሰ እንሆ ኣብዞም ዝሓለፉ እዋናት ብድቂ ከነጻሪ ሰንቢትና። ሓደ ሰብ ብቕትለት ክኸስስ ከሎ ስሙን ስም ኣቡኡን ምሉእ መንነቱን ኣፍሊጡ እዩ ክሲ ዝውጅህ። ናይቶም ዝተቐትሉ ኣስማት እውን ክህብ ይጥለብ። እዚ ብሓደ ሸነኽ ክኸውን እንከሎ እቶም ሰብና ኣጥፊኢና ዝብሉ እንተሃለዉ እውን ነቲ ከሳሲ ወይ ተኸሳሲ ኣጥቢቖም ክከታተሉ ምሉእ መሰሎም እዩ። ስለዚ ክሳዕ ሓደ ጭቡጥ ነገር ዝርከብ ሃይለ ተኪኤ ብዓይኒ ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ስትራተጂ ዓዲ ካብ ዝኾነ ክሲ ነጻ እዩ። ጭብጢ ዘለዎ ኸኣ ስሙን ስም ኣቡኡን መላእ መንነቱን ኣቕሪቡ ክሲ ክምስርት ንላቦ።**

ሃይለ ተኪኤ ኣብ ሰልፍና 2013 ኣባል ሰልፍና ኰነ። ብተወሳኺ ብዛዕባ ሃይለ ተኪኤ ክፍለጥ ንደልዮ ጉዳይ ድማ ቅድሚ ኣብ ሰልፍና ኣባልነቱ ዝረጋገጽ ምሉእ ተቓዋማይ ምኟኑ ድሕሪ ምእዋጅን ኣብ ምስረታ ሰልፊ ዓደቦ ኣባል መሪሕነት ከም ዝነበረ ነዘኻኽር። ድሕሪኡ ድማ ምሉእ ተቓዋሚ ከምዝኾነ ምስ ፈለጥና ኢና ኣብ ሰልፍና የእቲናዮ። ስለዚ ሃይለ ተኪኤ ብዓይኒ ሰልፊ ጉባኤ ኤርትራ ስትራተጂ ዓዲ ምሉእ ብምሉእ ተቓዋማይ እዩ። በዚ መሰረት እዚ ኩሎም ተቓወምቲ ውድባትን በርገሳዊ ማሕበራትን ክሳብ ነዚ ዝቐረበ መግለጺ ዝጻረር መርት ፆ ዘይቀረበ ከም ንጹህ ተቓዋሚ ክፈልጥዎ ንምሕጸን።